ባይቶ ይኣክል ሕ.መ.ኣ BAYTO YIAKL USA مجلس كفاية الولايات المتحدة

# ሓርበኛ ኣቦና ሓጂ ሙሳ ንኽብርናን ንመሰልናን ህይወቶም ከፊሎም

ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንጅግንነቱ፡ ንሕሰሙ፡ ንሓጎሱን ንመንነቱን ዘንጸባርቕን ዝገልጻን፡ ብፍሉይነት ዝዝከሩ ዓመታት፡ ኣዋርሕን ዕለታትን ኣለዋ። ጥቅምቲ 2017 ድማ ሓንቲ ካብተን ህዝቢ ኤርትራ ብኽብሪ ዝዝክረን ዓመትን ወርሕን'ያ። ቅድሚ 3 ዓመት ኣብዛ ሒዝናያ ዘለና ወርሒ፡ ተባዕ ኣቦና ሓጂ ሙሳ መሓመድኑር፡ ነቲ ብፍርሕናን ብስቅታናን፡ ክስውድን ዝደለዮ ክፍጽምን ሃነፍነፍ ዝብል ጉጅለ ህግደፍ፡ "ኣይፋልካን ኣደብ ግበር፡ ሓላፍንትካ ፍለጥ፡ ኣይትዳፈር፡ መሰል ሰብ ሓሉ" ዝብል ደፋርን ፍትሓውን መልእኽቲ ስለዘቕረቡ፡ ግዳይ ማእሰርትን መስዋእትን ኮይኖም።

እቶም ንነዊሕ ዓመታት መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝተጣበቁ፡ መንእሰያት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንኽሳተፉ ዘይሰልከዩ፡ ድኻታት ኣብ ምዕንጋል ኢዶም ዘየሕጸሩን ብሃገራዊ መንነቶም ዋጋ ዕዳጋ ዘይገበሩን ኣብነታዊ ኣቦ፡ በቶም ደቅናን ኣሕዋትናን ኢሎም ዝኣመንዎምን ጉጅለ ህግደፍ'ዮም፡ ኣብ መበል 94 ዓመቶም ብ1 መጋቢት 2018 ኣብ ቤት ማእሰርቲ ህይወቶም ሓሊፉ። ኣብ ኤርትራ መሰል ምእካብን ሓሳብካ ብናጻ ምግላጽን በቲ ኣብ ኤርትራ ን30 ዓመታት ተጸፍዩ ህዝብና ዘበሳብስ ዘሎ ኣረሜናዊ ፍጥረት ጉጅለ ህግደፍ ስለዘይፍቀድ እምበር፡ ኣቦና ሕጂ ሙሳን ካልኦትን፡ ብዘይ ፍርዲ ክሕየሩን ህይወቶም ክሓልፍን እንከሎ ጉጅለ ህግደፍ ቀሲኑ ክነብርን ግዝኣቱ ክቅጽልን ኣይምተገብአን።

ሓርበኛ ኣቦና ሓጂ ሙሳ፡ ብ15 ጥቅምቲ ንህዝቢ ኣኪቦም ኣብ ዘስምዕዎ ኣብ መሬት ዘይወድቕ ንጹርን ሕያልን መደረ፡ ንመሰሉ፡ ንውላዱ፡ ንሃይማኖቱን ንሃገሩን ጠጠው ዘይብል ሰብ፡ ምስ ሰብ ክቁጸር ኣይክእልን'ዩ" ዝብል'ዩ ነይሩ። መልእኽቶም ብዘይካ መሰልና ይረጋገጽ ካልእ ገበን ኣይነበሮን። ኣቦና ሓጂ ሙሳ ብጉጅለ ህግደፍ፡ ብዘይ ፍርዲ ኣብ መዳጎኒ ምስተሓየሩ'ውን ክፍትሑ ተሓቲቶም'ኳ እንተነበሩ፡ "ምኽንያት መቀየድየይ ከይፈለጥኩን ምሳይ ዝተኣስሩ ከይተፈትሑን ንበይነይ ህይወተይ ከድሕና ፍቃደኛ ኣይኮንኩን" ኢሎም'ዮም ኣብ ክንዲ ካልኦት ክእሰሩ መሪጾም።

ጉጅለ ህግደፍ፡ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታትን ብተደጋጋምን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ቃሕ ዝበሎ ክፍጽም ዕድል ስለዝተዋህቦን ተሪር ተቃውሞ ስለዘየጋጠሞን፡ መደረ ኣቦይ ሓጂ ሙሳን ድሕሪኡ ዝስዓበ ኣድማ ናይ ህዝቢ ኣኽርያን ስለዘርዓዶን ስለዘሰምበዶን፡ ነቲ ህዝባዊ ተቃውሞ ከም ናይ እስላማዊ ምልዕዓል ኣምሲሉ'ዩ ብሓይሊ ብረት ጨፍሊቅዎ።

ኤርትራውያን ኣብያተ ጸሎትና ክዕጸዋን ክውረሳን፡ መራሕቲ ሃይማኖትና ክሕየሩን ክቅተሉን፡ መንእሰያትና ኣብ ውትህድርና ክቑረኑ፡ ልኡላውነትና ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክወርድ፡ ክንርገጽ፡ ንብረትና ክዝመት፡ ክንስደድ፡ ስለዝተመለኽናን ነቶም ግዳይ ጉጅለ ህግደፍ ዝኾኑ ወገናትና ስለዘይተጣበቕናሎምን ስለዘየእወናሎምን ናይ እንታይ ገደሰኒ መንፈስ ስለዝሓደረናን ኢዩ ብቀጻሊ ንዋረድ ዘለና። ንፈትዋ ሃገርና ገዲፍና ናብ ስደት ንበታተን ዘለና። ነቶም ንሕና ክሓልፍልና ህይወቶም ዝተበጀዉን ኣርኣያ ዝኾኑን ንስዕቦም የለናን። ንርስዖምን ክሳብ ሓለንጊ ህግደፍ ኣብ ዝባንና ትዓልብ ብፍርሒ ተዋሒጥና ነስቕጥ::

ከምቲ ናይ ኣቦና ሓጂ ሙሳ “ንድሕነት፡ ንኽብርን ንመሰልን ደቕና ዝኾነ ዋጋ ክንከፍል ድሉዋት ኢና” ዝበልዎ፡ እቶም ብህይወት ዘለና’ውን፡ ንዕንደራ ጉጅለ ህግደፍ መስዋእቲ ከፊልና ጠጠው እንተዘይቢልናዮን ኣብ ኤርትራ ልዕልና ሕጊ እንተዘይነጊሱን፡ እታ ክቡር መስዋእቲ ዝተኸፍላ መሬትና ኣሸምባይዶ ብህይወትና ክንቅመጣን መጻኢ ወለዶ ክርከባን፡ ሬሳና’ውን ሓመድ ኣዳም ኣይለብሰላን’ዩ። ጠላምን ደመኛናን መላኺ ኢሳያስ፡ ልኡላውትና ንጓኖት መጥዩ ንሕና ድማ ካልኣይ ዜጋ ክንቑጸርን ንመሬት ዓዶቦና ኣማዕዲና ክንዕዘቦን ኢና።

ብኣጋጣሚ መበል 3ይ ዓመት ዝኽሪ ናይቶም ፍትሒ ንኽነግስ ዝተበጀዉልና ሓርበኛ ኣቦና ሓጂ ሙሳ ዝጠለብዎ ሕቶን ዘሰክመና ሓላፍነትን ንጹር’ዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ንመሰልናን ክብርናን ንደቅናን ክንቃለስን ህይወትና ክንህብን ድሉዋት ክንከውን ኣለና። ኤርትራውያን ንውራይና ብዘይካና ካልእ ሰብ ክዕጠቀልና ክንጽበ የብልናን። ጉጅለ ህግደፍ ብሓባር ይድህከና’ኳ እንተሎ፡ ኣንጻሩ ስሙር ተቃውሞ ከይነካይድ ግን ፈላልዩና ከምዘሎ ክንግንዘቦ ይግባእ፡፡ ሓንቲ ካብተን ዝዓበያ መሳርሒ ጉጅለ ህግደፍ ድማ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ፈላሊኻ ኣብ ስልጣን ምቕጻልን ንዓና ምጽናትን ስለዝኾነ፡ ክንውደብ፡ ክንሰምር ተንኮላት ህግደፍ ክንነቕሓሉን ሓርበኛ ኣቦና ሓጂ ሙሳን ካልኦትን ንኽብርናን ንመሰልናን ህይወቶም ከፊሎም፡ ህሉዋት ድማ ንጅግንነቶም መደምደምታ ንግበረሉ።